

# ነቲ ናባይ ዚመጽእ . . .

ፓስ. ነጋሲ ደስታ

"ነቲ ናባይ ዚመጽእ . . . ከቶ ንወጻኢ ኣይደርብዮን እየ።" (ዮሃ 6 ፡ 37 ለ)

እዚ ኣብዚ ጠቒስናዮ ዘሎና ቃል ወንጌል ባዕሉ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዚበሎ ኢዩ። ኣቦ ንውሉዱ ንዓ ናባይ ይብሎ፡ ይሓቘፎ፡ ይስዕሞ፡ ዘድልዮ ኩሉ ድማ፡ ከምቲ ዚከኣሎ፡ መጠን ይገብረሉ። እቲ ምንታይሲ ዘፍቅሮ ስለ ዝኾነ።

ብዛዕባ እቲ ምጽውዑ፡ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ከምዚ ይብል፦

> "ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበ ደኹምን ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ" (ማቴ 11፡28)።

ብዙሓት ሰባት ናብ ቤተ-ክርስቲያን ይመጹ። እዚ ድማ ጽቡቕን ባህ ዘብልን ተግባር እዩ። ብዙሓት ድማ መጽሓፍ ቅዱስ የንብቡ፡ ዳዊት ይደግሙ፡ ጸሎት ይጽልዩ፡ መዝሙር ድማ ይዝምሩ። እዚ እውን ከምኡ ኩሉ ሰናይን ዝነኣድን እዩ። እንተ ኾነ ግና፡ እቲ መሰረቱ ናብ ኣምላኽ ምቕራብ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ እቲ ዝበለጸን እቲ እንኮ ፈላሚ መገዲ ክርስትና ህይወት ይኸውን።

ብኣንጻሩ፡ እዋን ድሕሪ እዋን ከም ልምድን ወልፍን ዚደጋገም ዓይነት ምስ ዝኸውን ግና ተተገይሩ ንሕልፈቱ ደኣ እምበር ሰማይ ዘብጽሕ ክኸውን ኣይክእልን።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ ኣብ ምዕራፍ 18፡ 4-14 ግልጽ ምስ እንብል፡ ብዛዕባ ንኽልኦት ሰባት ዚንዕቁ ንርእሶም ግና ዚንእዱ ሰባት ነንብብ። እዚ ድማ በቲ እቲ ኣብኡ ተጠቒሱ ዘሎ ፈሪሳዊ ተገሊጹ ንረኽቦ። እዚ ሰብኣይ እዚ፡ ብዝገበሮ ተግባራት፡ ገይረ ኢሉ ዚጀሀር፡ ዕቡይ፡ መን ከማይ፡ ኣነ ጻድቕ ዝብል ዝነበረ ዓይነት እዩ።

ኣሕዋት፡ እስከ ንሕሰብ! … ንየሱስ ክርስቶስዶ ስእነት ገንዘብን ጥሪትን ኣለዎ'ዩ? እንተ ጸምናኽ ንእኡ ዚውሰኾ ነገርዶ ኣሎ እዩ? ብምጽዋትና ንክርስቶስ እንምልኣሉ ወይ ዘጽገብናዮ'ኸ መን እዩ? እዚ እናገበርና እንንየተሉ፡ ገይረ እናበልና ድማ ንርእስና ሓለፉ ኻልኦት ኣብሊጽና እንርእየሉ እንተ ደኣ ኾይኑ ካብ ጽድቁስ ኩነኔኡ ኺገድድ እዩ።

ንየሱስ ክርስቶስ ገለ እኳ ኺህቦ ዚከኣሎስ መን እዩ? ኩሉ ናቱዶ ኣይኮነን? ካባና ዚደልዮ ነገር ግና ኣሎ። እቲ ንሱ ኻባና ዚደልዮስ ልብና ደኣ'ምበር ካልእ ኣይኮነን። "ወደየ ልብኻ ሀበኒ" ይብል ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ 23፡26። እምበኣርሲ ናብ የሱስ ክርስቶስ መጺእና ልብና ንሀቦ። መኣስ? ሕጂ! እነሆ ድማ፡

> "እቲ ተጋዊ ኣብ ርሑቕ ደው ኢሉ 'ኣምላኸይ ንኣይ ንሓጥእ ምሓረኒ' እናበለ ኣፍ ልቡ ይወቕዕ ነበረ እምበር ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ኼብል እኳ ኣይደፈረን"(ሉቃ 18፡10-14)።

እምበኣር እቲ ኣብዚ እንርእዮ ናይ መወዳእታ ፍረ ነገሩ፡ እቲ ርእሰኻ ምልዓል

ውርደትን ሕሰራንን ሞትን ከም ዘስዕብ፡ ናብ ኣምላኽ ቀሪብካ ርእሰኻ ትሕት ኣቢልካ ኣብ ንስሓ ምእታው ግና እቲ ምንጪ ናይ ኩሉ በረኸትን ልዕልናን ህይወትን ምዃኑ ኽንግንዘብ ንኽእል።

ክሰሓት ዘይብሉ ሓደ ነገር ግና፡ እቲ ትሕትና ተግባራዊ ኪኸውን ከሎ፡ እቲ ውጽኢቱ መንፈሳዊ መፈጸምታን ጽድቅን ደኣ እምበር፡ ብስጋዊ ጥቕሚ ጥራይ ዝተኸተተ ኣይከውንን።

> “ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፡ ካብቲ ንሱ ዚሃበኒ ዘበለ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ እምበር ሓደ እኳ ኸየጥፍእ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኢዩ” (ዮሃ 6፡39-40)።

ክቡራት እሕዋት፡ ኣነን ንስኻትኩምን ድማ ምእንቲ ኽይንጠፍእሲ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሓሊፉ ተበጅዩና እዩ’ሞ፡ ነዛ መገዲ ትሕትና ተኸቲልና፡ ብንስሓ ናብኡ ንቕረብ፤ ማለት፡ ከምታ ዘሎናያ ናብኡ ንምጻእ። የሱስ ክርስቶስ ድማ እሙንን ሓቀኛን ጐይታ ከም ምዃኑ መጠን፡ ከምቲ ዚበሎ፡ ከም ቃሉ ሓጢኣትና ኺሓድገልና፡ ምሕረት ሂቡ ድማ ኼድሕነና እዩ። እዚ ናይ ግድን እዩ፡ ምኽንያቱ ኣንጻር ባህርያቱ ክኸይድ ኣይክእልን እዩ።

እታ ህይወት እትፍልፍለሉ ምንጪ ንሱ፡ የሱስ ክርስቶስ በይኑ እዩ እሞ፡ ሕጂ’ውን ናብኡ ኽንመጽእ፡ ደጊምና ደጋጊምና ክንሓስብ፡ ክንውስንን ጥራይ ዘይኰነስ ብቕጽበት ስጉምቲ ኽንወስድ ይግብኣና። በዚ ድማ ወትሩ ተመገብትን ተጠቀምትን ናይ እቲ ህያው ቃሉ ንኸውን። ንሱ፡ እቲ ንድኻምና ዝድግፍ፡ ንሓይልና ዘበርትዕ፡ ካብ ሓጢኣትና ድማ ዘንጽህ እሙን ኣምላኽ …

> “ሽው ምጹ እሞ ንሓድሕድና ንማጐት ይብል እግዚኣብሄር”። ሓጢኣትኩም ከም ጁኽ እንተቘሐ ከም በረድ ኪጽዕዱ፡ ከም ዘዋውዕ እኳ እንተቐሐ፡ ከም ጻዕዳ ጸምሪ ኪኸውን ኢዩ፡” **ይብል** (ኢሳ 1፡18-20)።

እሞ፡ ነፍሲ ወከፍና፡ ምልዋጥ ወይ ከኣ ምቕያር ከም ዘድልዮ እዩ ዚሕብር። እዚ ድማ፡ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ኺልወጥ ከም ዘለዎ ብድሕሪኡ ድማ እቲ ደጋዊ ጠባያትናን ተግባራትናን ከምኡ’ውን ልምድናን፡ ናይ ግድን ከም ዚልወጥ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ኩለንትናና መሊኡን ጠርኒፉን ዝሓዘ ማዕከን ናይ ህይወትና ልብና ስለ ዝኾነ እዩ። ስለዚ ኣበይ፡ ከመይ እናበልና ጊዜና ኣይነጥፍእ፤ ጊዜ ከም ዘሎና ንኽነረጋግጽ ከኣ ክእለት ዘሎና’ውን ኣይኰንናን።

ስለዚ፡ “… እንሆ፡ እታ ቕብልቲ ጊዜ ሕጂ እያ፡ እንሆ፡ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ” (2ይ ቆረ 6፡2)። እሞ፡ ሃየ! ንእመን፡ ንተኣመን፡ ተንበርኪኽና ድማ ኣብቲ ምሕረት ኺገብር ሓጢኣት ኺገድፍ ከኣ ስልጣን ዘለዎ፡ ኺልውጥ ድማ ዚከኣሎ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ትሕት ንበል። ደሓር እቲ ለውጢ ባዕሉ በቦትኡ ኺሕዝን ኣብቲ ዚግብኦ ድማ ኺገጥምን ኺገጣጠምን ከሎ በብእዋኑ ኽንርእዮ ኢና።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብቲ መልእኽቱ ንሰብ ሮሜ፡ ኣብ ምዕራፍ 8፡ 16፡ “ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ኸኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ ምስ መንፈስና ኰይኑ ይምስክር” ይብል። እሞ፡ ካዚ ዚዓቢ ጸጋስ እንታይ፡ ኣበይ ኪህሉን ክረክብን ይከኣል? ደሓር ከኣ፡

“ ...ንሕና ግዳ ኽንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል፡ ከመይ ጌርና ኽንመልቍ ይከኣለና? (እብ 2፡4)።

**ነቲ እንኩም ዝበሃለና ዘሎ ጸጋ ምድሓን ኣይንንጸጎ። ጽሑፍ እዩ፡ ሕራይ እንተ በልና፡ እንተ ተኣዘዝና፡** “... ጣዕሚ እታ ምድሪ ኽንበልዕ ኢና። **እንተ ደኣ ኣቢና ድማ፡ ኣደዳ ናይ እቲ ኣብ መወዳእታ ዚመጽእ ፍርድን ኩነኔን ክንከውን ኢና** ... ኣፍ እግዚኣብሔር ተዛሪባ እያሞ ብሰይፊ ክትወሓጡ ኢኹም” (ኢሳ 1፡20)። **ይብል እሞ፡ እዝስ እቲ ዚስዕብ ግናይ ነገር ንምሕባር፡ ከብኡ ንኽንሃድም ድማ ንምድጋፍ ደኣ እምበር ንምፍርራህ ኢሉ ዝበሎ ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ ወድ ሰብ ድላዩ ንኽመርጽ ነጻነት ተዋሂብዎ እዩ። ስለዚ ወይ ድሕነት ወይ ጥፍኣት ንኽመርጽ እቲ እንኮ ውሳኔ ግላውን ውልቃውን እዩ።**

**የሱስ ክርስቶስ ከኣ፡** ***እቲ ዕዳ ኸፊለዮ እየ... ንምንታይከ ጥፍኣት ትመርጽ ... ትመርጺ? ... ንዓ ናባይ ... ንዒ ናባይ፡ ኣነ ድማ ከቶ ንወጻኢ ኣይክድርብየካን ... ኣይክድርብየክን እዩ፡ እዩ ዚብል ዘሎ*** (ዮሃ 6፡ 37ለ)። **ካብዚ ዚጥዕም ዕድመስ እንታይ እዩ? ኣምላኽ ክነሱስ፡ መሰል ውሳኔኻ ሓልዩ፡ ንኸይትጠፍእ ብሓልዮት ጥራይ ዘይኰነንስ፡ በጃኻ ኢሉ ዚልምን ዘሎዶ ኣይመስልን?**

**እቲ ዝደጋገም ዘሎ መልእኽቲ እምበኣር ህድእ ኢልና ነቕልበሉ፤** እንተ መጻእኩም’ “ሕራይ እንተ በልኩም” ... (ኢሳ 1፡19) **ሰናይ ዓስቢ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣለኩም እዩ። ከምቲ ኣብቲ መጀመርታ ዘውካእናዮ፡ ናብ ኣምላኽ ክትመጽእ እንተ ደኣ ወሲንካ፡ ምምጻእ ጥራይ ዘይኰነንስ**




**ኣዚኻ ምቕራብ እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብካ እምቢ ምባል የልቦን። ሕራይ ኢልካ’ውን ምርሓቕ ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ፡ ክልቲኡ ዝተተሓሓዘ ሰንሰለታዊ እዩ እሞ፡ እቲ ኣመጻጽኣኻ ድማ ምስ ሕራይ ይኸውን።**

**ስለዚ ቤተ-ክርስትያን ክንመጽእ ከሎና ናብ ኣምላኽ ኽንቀርብ ኢልና ክንመጽእ ኣሎና። እዚ ኸኣ ኽንድሕን፡ ኺንመሀር፡ ኺንፈልጥ፡ ክንባረኽ፡ ክንፍወስ፡ ኲታ ዘሎ በረኸት ክንቅበል ኢልና ብእምነት፡ ምስ ትጽቢትና ንምጻእ። ነቲ ኣብኡ ጐይታ ዚህበና ዘበለ መልእኽቲ ይኹን ትምህርቲ ድማ ነለሊ።**

**ነቲ እንገብሮ ኩሉ፡ እቲ ቃሉ ምንባብ ኰነ እቲ ምጽላይ፡ ናብኡ ኽንቀርብ ኢልና ንግበሮ። ሽዑ ጣዕሚ እታ ምድሪ ኽንበልዕ ኢና። ጽዋእና ኺመልእ፡ ብብዝሒ ሰላም ድማ ባህ ኪብለና ኢዩ። እዚ ኸኣ ካልእ ኣይኰነን፡ የግዳስ ናይ ኣምላኽ ብምኻንና ኽንሕጐስ ብሰላም ኣምላኽ ክንስኑ፡ ኽንወጽእ ኽንኣቱ ድማ እቲ ጣዕሚ**

ክርስትና ህይወት ክንፈልጠን ክንሙክሮን፡ ከምኡ'ውን ክንነብረሉን ድሌት ናይ እቲ ዕዳና ኽፈሉ ብፍቕሪ ዚዕድመና ዘሎ እዩ።

ኣብ ርእሲ እዚ፡ ብኹሉ ናይ ምድራዊ ሓልዮትን ዋኒንን እንተ ኾነ፡ ጐይታ ከም ዘስልጠልና፡ ብእኡ'ውን ንእኡ ምስጋናን ውዳሴን እንገብረሉ ናይ ምንባርና ትርጉም ፈሊጥና ምድራውያን/ሰማያውያን ሰባት ኰንና እንስጉመሉን ህይወት ብሓቂ ኪኾነልና ኢዩ።

"እንተ ኣቤኹም ግና ብሴፍ ክትወሐጡ ኢኹም"። እግዚኣብሔር ተዛሪብዎ ዘአበየ ኣበይ ይኸይድ? ኣበይስ ኪሕባእ ይኽእል? ቃኤል ቀባሕባሕ ደአ በለ። ጊዜኡ ሓሊፍዎ፡ ጣዕስኡ ንህይወት ዘይኰነስ ንሞት ደአ በለ። ጊዜኡ ሓሊፍዎ ጣዕስኡ ንህይወት ዘይኰነስ ንሞት ደአ ጐተቶ። ካብዚ ዝኸፍእሲ እንታይ ኣሎ? እምበኣር መወዳእታና ከምኡ ኸይከውን እዩ፡ ብደሙ ዝዓደገና እሞ፡

ኣሕዋት፡ ኣይንዓሹ። ሎሚ ኺብሃለና ኸሎ ኣይንጋገ። ሕጂ ደአ ናብ ጐይታ ንቕረብ፡ ንሱ'ውን ይቕረ ኺብለልና ኢዩ። ስውር ማና'ውን ኽምግበና እዩ። ኸው ነፍስና ዕረፍቲ ኽትረክብ፡ ብኡ'ውን ባህ ኢሉዋ ንኣምላኻ ምስጋና ኽተቕርብ እያ።

ሰብ ምስ ኣምላኹ ከይተዐርቀ ኺነብር ከሎ ስጋዊ ጥራይ ዘይኰነ መንፈሳዊ ጽምእን ጥሜትን ኣለዎ። ፈውሲ ናይ እዚ ግና ምስ ኣምላኽ ምትዕራቕ ጥራይ ኣዩ። እቲ ዜሐጉስ፡ ምስ ኣምላኽ ምትዕራቕ ዝሓትቶ ጻዕርን ድኻምን የልቦን፤ ክስራ ድማ የብሉን።

"ኣቱም ጽሙኣት ኲላትኩም ናብ ማያት ንዑ ኣቱም ገንዘብ ዜብልኩም ከአ ንዑ ተሻየጡ እሞ ብልዑ። እወ ንዑ፡ ብዘይገንዘብ ብኸምኡ ወይንን ጸባን ተሻየጡ" (ኢሳ 51፡1)፡ ይብል።

ፍቱዋት፡ ኣሕዋት ኣሓትን፡ ኣቦታትን ኣዴታትን፡ ነዚ ጻዋዒት ኣምላኽ ንሰምየዶ ኣሎና? ኣምላኽ ገለ ጐዲልዎ ዝመልአሉ መን ኣሎ? ገለ ተሳኢንዎ ኽ ዝሓገዞ መን ኣሎ? ዝመሳሰሎ ኽ መን ኣሎ? ሓደ እኳ የልቦን፣ ከቶ ድማ ኣይኪህሉን እዩ! ንሱ ምሕረቱን ጸግኡን ኣዝዩ ዓቢ፡ ሓልዮቱን፡ ሓለዋኡን ድማ መወዳእታ ዘይብሉ፡ ንዝጸልእዎ ከይጸልአ፡ ነቶም ብዘይ ገለ በደል ዝገረፍዎን ዝሰቐልዎን እኳ ይቕረ ዝበለ፡ ህይወቱ ድማ በጃ ኹሉ ዘሕለፈ፡ እቲ "ነቲ ናባይ ዚመጽእ . . . ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮን እየ።" ዝበለ ሕጂ'ውን ነቲ ናብኡ ዚመጽእ ኪቕበል፡ ኢዱ ዝርጉሕ እዩ።

> ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀሪብካ ምስኡ ምትዕራቕ ዝሓትቶ ጻዕርን ድኻምን ወይ ዋጋን የልቦን፤ ክሳራ ድማ የብሉን።

"ንዑ ብኸምኡ ስተዩ ብልዑ" ይብል። እወ፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብጐይታ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ዕዱም እዩ፤ ኩልና ኣነ፡ ንስኻ፡ ንስኺ። በዚ መልእኽቲ እዚ ኸይተረፈ ድማ ንዕደም ኣሎና እሞ፡ እዚ ገለ ዋጋ ዘይንሕተተሉ ዕድመ ኣይንንጸጎ።

"ነቲ ዝጸበቐ ከአ ብልዑ ነፍስኹም ከአ ብጣዕሚ ባህ ኪብላ እዩ"። ኣብዚ ምድራዊ እንምገቦን እንሰትዮን ሓላፊ እዩ። እቲ ዘይሓልፍን ዘይውዳእን ዝጸበቐን ዝበለጸን ብልዒ ግና ንዘለኣለም ዜንብር እንጌራ ህይወት፡ ጐይታ የሱስ እዩ። *"እቲ ዝበልዓኒ ዝሰትየኒ ብህይወት ኪነብር እዩ"* (ዮሃ 6፡35-36)።

**እምበአርከስ መገዲ ህይወት ምስ የሱስ ክርስቶስ እንተ ደአ ዘይጀሚርና ሕጂ ንጀምር። ንቓሉ ዕለት ዕለት ንምንባብን ንምጽላይን ድማ ንትጋህ። ጐይታ ድማ ብዘገርም ኩነት ኺግለጸልና እዩ። ኣብዛ ሕጂ እንነብራ ዘሎና ዓለም ሰብ ብዘይ ኣምላኽ ኺነብር ከሎ ህይወቱ ጻዕርን ከንቱ ድኻምን ደኣ እምበር ብዚገብሮ ጻዕሪ ዕረፍቲ ረኺቡን ቀሲኑን ኣይፈልጥን።**

**ንእግዚኣብሄር ኣይተድልየንን ኢኻ ኢሉ ብሃብቱ ወይ ብሽመቱ ወይ ብሓይሉ ሰማይ ዝኣቱ ሓደ እኳ የልቦን። ንግዚኡ ይመስሎ ይኸውን፡ እቲ ኹሉ ዝጸዓረሉ ጥሪት ይኹን ትሕዝቶ ከም ዕምበባ መሮር ይረግፍ ከም ሓሰር ብሓዊ ይነድድ። ነቲ ሰራሒኡ ግና ንገለ እኳ ከይጠቕሞ ይተርፍ።**

**እቲ ለባም ሰብ ግና ንግዚኡ ኣይኰነን ዚነብር። እንታይ ደኣ? ንኽብሪ ኣምላኽ ኢዩ ዚነብር። እዚ ሽኣ ካብ ኩሉ ናብርኡን ዋኒኑን ንኣምላኽ የቐድሞ። ከምኡ ብምግባሩ ድማ ይሰልጦ። ካልእስ ይትረፍ ነታ ዚቔርሳ ናይ ዕለት እንጌራ እውን ወሃቢኡ ኣለልዩ ኣመስጊኑ ይምገባ።**

**ስለዚ እቶም ንኣምላኽ ዚፈልጡን ዘይፈልጡን ካብዚ ጀሚሩ እዩ ፍልልዩም። እምበአር ዕረፍቲ ኣብ ኣምላኽ ደአ'ምበር ኣብ ገንዘብን ንብረትን ኣይኰነን።**

> "ከንቱነት ናይ ከንቱነታት እዩ፡ ... ኩሉ ከንቱነት እዩ። ሰብ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚጽዕረሉ ኩሉ ጻዕሪ ኣንታይ ረብሓ ይረብሓሉ?" (መክ 1፡2-3)።

**ካብ ኣሎኒ ምባል ሓሊፉ ንህይወት ዝውስኽሉን ዘትርፈሉን የልቦን። እሞ፡ ኣብቲ** "ኣነ ኣርዑተይ ፈኲሽ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሀሩ ንነፍስኹምውን ዕርፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም" (ማቴ 11፡28-30)፡ **ዝበለ ትዕግስቲ፡ ዕረፍቲ፡ ሰላም፡ ቅሳነት ኩሉ ኣምላኽ ይርከብ።**

**እምባአርሲ፡ ነዚ ኽምዚ ዝበለ ህያብ ክንቀዳደምን ክንቀላጥፍንዶ ኣይግብኣናን? ደጊም፡** "ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ኽንቅበል፡ ብጊዜ ጸበባውን ንረድኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ፡ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ" (እብ 4፡16)።

---

# መተሓሳሰቢ፡

ከምቲ እቶም ሓደ ሓደ ኽነዘኻኽረኩም ዘተሓሳሰብኩምና፡ እንሆ ብዛዕባ ዝገበርኩሞ መብጽዓታት በዚ ነዘኻኽረኩም።

<u>ኣብ ልዕሊ እዚ፡</u>
ንዓና ሓላፍነት ንዓኻትኩም ድማ ተደማሚሩ ሕልናዊ ዕዳ ኾይኑ ክይከብደኩምሲ፡ እቶም ካብ ናይ ክልተ ዓመታት ዝበዝሕ መብጽዓታት ዘለኩም እውን በዚ ነዘኻኽረኩም። ክንደይ ምኧኑ ምዝካር ምስ እትደልዩ ኽትውከሱና ትኽእሉ ኢኹም።

# መዘኻኸሪ

እቶም ብስራት መጽሄት ኣብ ቤትኩም ዝመጸኩም፡ ኣድራሻ ክትቕይሩ ከሎኹም ብዓንተቦ ምስ እትነግሩና ንዓና ብሓቂ ዓቢ ደገፍ እዩ። እቲ መጽሄት ኪምለስ ከሎ፡ ካብቲ ክለኣኸልኩም ከሎ ዝተኸፍሎ ዕጽፊ ስለ ዘኽፍሉና፡ እዚ ዘየድሊ ክፍሊት ካብ ምኽፋል ምእንቲ ኽንቁጠብሲ፡ ሓገዝኩም የድልየና።

ሓደራ፡ ብተሌፎን ይኹን ብኢመይል ከም እትሕብሩና ግበሩ።

Editor@Besserat.org